# ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ሓደ ካብ ክብርታትና ኢዩ

ብዛዕባ ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ዘዘንቱ ጽሑፍ ዛጊት ኣይተጀመረን ዘሎ። እንትርፎ ብሓደ ሓደ ኣጋጣሚታት ቁንጽል ኣብልካ ዝጽሓፍ እንተዘይኮይኑ ዕቱብ ዝኾነ ጽሑፍ ከም ሰንሰለት ዝተኣሳሰር ጽሑፍ ግን ኣብ መጻኢ ግዜ ይጸሓፍ ይኸውን እልካ ትሓልፎ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ።

ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ጀምርካ ኣብይ ከም እተዕልቦ ሕርብት ኢዩ ዝብለካ። ኮይኑ ግን በቲ ዝርካቡ ዓቕምን ትሕዝቶን ኽጥቀስ ስለዘለዎ እዚ ጽሑፍ'ውን ከምኡ ብሃውሪ እስከ ገለ ክብል ተባሂሉ ንማለቱ ዝተጻሕፈ ኢዩ።

ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ኻብ ቀደም ካብ ጥንቲ ኢዩ ዝጅምር። ኤርትራ ከምዚ ሕጂ ኣጸዋውዓዓ ዘይኮነስ ምድረ ፑንቲ ተባሂላ ኣብ ትፍለጠሉ ዝነበረት እዋን ሃገረ ሰላምን ርግኣትን ከምዝነበረት ይዝንቶ።ወጹዓት ሰባት ካብ ሃገረ ግብጺ ይኹን (ብግዜ ፎርኦን ማለት ኢዩ)፣ ከምኡ'ውን ካብ የመን (ብግዜ ንግስቲ ሳባ ማለት ኢዩ)፣ ኣሕዛብ ግፍዕን ጭቆናን ዝመረሮም ናብ ሃገረ ፑንቲ (ናይ ሕጂ ኤርትራ) እንዳፈለሱ ይዑቆቡ ከምዝነበሩ ይዝንቶ። ሕዝቢ ኤርትራ መርኣያ ጅግንነቱ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንዝኾነ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምግጣም ሓንቲ ምድረ ሰላምን ርግኣትን ዝኾነት ሃገር፣ ንዉጽዓት እተኤንግድ መስርቱ ከምዝነበረ ይፍለጥ። ኣብዚ ኣብ ግምት ክኣቱው ዘለዎ ኤርትራ ኣብ ሃገሮም በደል ዝወርዶም ኣሕዛብ ኣብ መሬታ ምእንጋድ ሓድሽ ተርእዮ ከምዘይኮነ ኢዩ።

ካብ ግዜ ፎርኦን ጀሚርካ በብግዚኡ ናብ ኤርትራ መጺኦም ይዕቆቡ ከምዝነብሩ ህያዊ ምስክር ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዑና ፎርኦን ዝፍለጥ ቦታ ከባቢ ደቀምሓረ ዘሎ ቅርስታት ኢዩ። ካብ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ከይተረፈ ብሰንኪ ኣረመናዊን ጭቆና ዝመልኦ ግዝኣት ሃጸያዊያን ተማርሮም ዝተሰዱ ኣብ ኤርትራ ይዕቆቡ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ንኣብነት መበቆሎም ካብ የመን ዝኾኑ ምእመናን እስልምና ሃይማኖት ብሃጼ ዮሃንስ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝህደንሉ ዝነበረ እዋን ኣብ ኤርትራ መጺኦም ከም ተዓቑቡ ይዝንቶ።

ኤርትራ ሳላ ጅግንነት ደቃ ካብ ጥንቲ ጀሚራ ዘይትድፈርን ተሓፈርቲን ክነሳ ንህላዌኤ ዝፈታተን ጽንኩር ኩነታት ግን በብግዜኡን ከከምኣመጻጽኡእን ሰጊራቶ ኢያ። ሽርሒ ባዕዳዊያን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ነዚ ዘይተጻዓድነትን፣ ዘየተመበርካኽነትን ኤርትራዊያን ንምቁጽጻር በብግዚኡ ተኻይዱ ኢዩ።

ቅድሚ 500 ዓመት ኣቢሉ ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ባዕዳዊያን ከምዝነበረ ዘዘንቱ ጽሑፍ ክሳብ ሕጂ ኣየንበብኩን ዘሎኹ። እቲ ዝርካቡ ዛንታ ግን ካብ ግዜ መግዛእቲ ቱርኪ ስለዝጅምር ንግዚኡ በዚ ምፍላም ይምረጽ። ቱርካዊያን ምቹእነት ባጽዕ ብፍላይ ንምክልኻላን ኣብልካም ግዝኣትካ ንውሸጢ ኤርትራ ከም መንጠር ባይታ ኽትጥቀመላ ብእዋኑ ዝተረድኦም እዮም ዝመስሉ። ከም ርዱእ ባጽዕ ዝተቖጻጸረ ኤርትራ ንብምሉኣ ንምቁጽጻር ኣይእግሞን ኢዩ። ኤርትራዊያን ነዛ ብስትራተጂ ኣንጻር ክትረኤ ከላ ብልጽቲ ከተማ ቅድሚ 500 ዓመት ኣቢሉ ምቁጽጻራ ክርኣዮም ኣይከኣለን። እምብኣር ቱርኪ ንባጽዕ እግሩ ከንብረላን ግዝኣቱ ከስፋሕፋሓላን ከሎ ኤርትራዊ ንግዝኣት ቱርኪ ንምቑዋም ዘኽእሎ ሓይሊ ኣይወደበን ኔሩ። ከም ርዱእ ግዝኣት ቱርኪ ክስዕርር ዝኽኣለ ስኣን ውዳቤ እምበር ሕጽረት ጅግንነት ኤርትራዊያን ከምዘይኮነ በቲ ብተናጸል ዝግበር ዝነበረ ተቓውሞ ኽግለጽ ይክኣል ኢዩ። ከመይሲ ኤርትራዊያን ግዝኣት ቱርኪ ክሳብ ክንደይ መሪሪ ከምዝነበረ ኽገልጽዎ ከለዉ ክሳብ ሕጂ ንጽንኩር ኩነታት ግዝኣት ቱርኪ እንዳበሉ ይምስልሉ እዮም።

ግዝኣት ቱርኪ ስለምንታይ ኣብቂዑ ንምንታይከ ናብ ግዝኣት ግብጺ ተሰጋጊሩ መረዳእታይ ድሩት ኢዩ። በየናይ እዋን ብኸመይ ኩነታት እቲ ምስግጋር ተኻይዱ'ውን ኣፍልጦ የብለይን። ከም ልሙድ ግን ድሕሪ ግዝኣት ቱርኪ ግዝኣት ግብጺ ኣብ ባጽዕ ከምዝጀመረ ኣብ ጽሑፋት ኣንቢበ ኣሎኹ። እቲ ታሪኽ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝረኽብክዎ ግን ግዝኣት ግብጺ ኣብ ብጽዕ ምጅማሩ ኢዩ። ነቲ ኣተሓሳስባይ ክጸልዎን ከማእዝኖንን ዝጀመረ ከኣ ብጽዕ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲት ቦታ ምኳና ኢዩ። መግዛእቲ ግብጺ ከምቲ መግዝእቲ ቱርኪ ዕምሩ ኣይንዋሕ እምበር መግዛእቲ ምኳኑ ግን ኣይተረፎን። ኤርትራዊያን

ስለምንታይ ነዛ መእተዊት መግዛእቲ ዝኾነት ከተማ ኽቆጻጸሩ ዘይክኣሉ ኩሉ ግዜ ምላሽ ዘይረኽበሉ ሕቶ ኢዩ።

ሓደ ሓደ ጽሑፋት ከምዝብልዎ ፣ መግዛእቲ ቱርኪ ኣብ ኤርትራ ክሳብ ኣብዚ ይበጽሕ ኔሩ ክብሉ ከለዉ ንመግዝእቲ ግብጺ ግን ካብቲ ናይቲ ቱርኪ ሕዝዎ ዝነበረ ቦታታት ኣንእስ ኣቢሎም የቕርብዎ። ካብዚ ክርድኦ ዝኽኣልኩ ንኤርትራዊያን መግዝእቲ ቱርኪ ካብ መግዝእቲ ግብጺ ዝሓየለ ከምዝነበረ ኢዩ። እዚ ማለት ኤርትራዊያን ግዝኣት ግብጺ ንኽየስፋሕፍሕ ይዓግትዎ ኔሮም ማለት ኢዩ። ነዚ ካልእ ትርጉም ኽትህበሉ ኣይትኽእልን ኢኻ እንትርፎ ጅግንነት ኤርትራዊያን ኣብ ቦትኡ ከምዝነበረ ኢዩ።

ድሕሪ ምብቃዕ መግዛእቲ ግብጺ፣ ብኽመይ ናብ መግዛእቲ ጣልያን ተሰጋግሩ ናይ ታሪኽ ፈላጣት ኽትንትንዎ ኽገድፈሎም ኢየ። ከም ታሪኽ ግን ጣልያን መግዛእቱ ብባጽዕ ምፍላሙ ናይ ኣጋጣሚ ዘይኮነስ ኮነ እልካ ብመጽናዕቲ ከምዝተገብረ ዘማትእ ኣይኮነን። ንኤርትራ ኽትቆጻጸር ብመጀመርያ ባጽዕ ኽትቆጻጸር ኣሎካ ዝብል ኣምር ኽተበግስ ግን የተባባዓካ ኢዩ። ጣልያን ብመጀመርያ ዝዓደጎ መሬትን እግሩ ኣብ ኤርትራ ዘንበረሉ ቦታ ዓሰብ ምዃኑ ርድእ ኢዩ። ኮይኑ ግን ናብ ኤርትራ ግዝኣትካ ንምስፍሕፋሕ ካብ ዓሰብ ዘይኮነስ ካብ ባጽዕ ከምዝኾነ ኣይስሓቶን። መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ ካብቲኦም ኣቐዲሞም ዝነበሩ ግዝኣታት ዝሓየለን ዝተራቐቐን ምንባሩ ዘካትዕ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ጣልያን ካብቲ ግብጺ ዝቆጻጸሮ ዝነበረ ቦታታት ጥራሕ ዘይኮነስ ክንዮ ግዝኣት ቱርኪ ዝቆጻጸሮ ዝነበረ ቦታ ኢዩ ኣስፋሕፍሑ። ኣብዚ ግልጺ ኮይኑ ዘሎ ኤርትራዊያን ኣብቲ ግዜ'ቲ ንመግዛኣቲ ቱርኪ ይኹን ንምግዛእቲ ግብጺ ንምምካት ኣጥርዮሞ ዝነበሩ ሓይሊ ብመግዛእቲ ጣልያን ተዳኺሙ ከምዝነበረ የረዳኣካ። ኣብዚ እቲ ፍልልይ ናይ ዘመናዊ ኣጽዋር ትሕዝቶ ከምዝኾነ ክስወረካ ኣይክእልን ኢዩ። ኤርትራዊያን ከምቲ ጣልያን ክዓጥቀ ዝኽእል ኣጽዋር ክዓጥቁ ኣይትጽበን ኢኻ። ብምንጽጻር ግን ኤርትራዊያን ንግብጺ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ክሓጽርዎ ምኽሎም እቲ ጅግንነት ይረኣየካ ኢዩ።

ጣልያን ድሕሪ ባጽዕ ምቁጽጻሩ ንኽበሳ ደይቡ ብደቡብ ክሳብ ጾሮና ብምዕራብ ክሳብ ባድመ ዘሎ ቦታታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽሩ ኣእትዩ ንሕዝብ ኤርትራ ኣብ ዝገዝኣሉ ዝነበረ እዋን ዘይተጻዓድነትን ዘይተምበርካኽነት ኤርትራዊያን ተመስኪሩ ኢዩ። ወዮ ድኣ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ታሪኽ ምጉዕጻጽን ዓሎቕን የዘውትሩ ኮይኖም እምበር ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኢትዮጵያ ከይተረፈ ኤርትርዊ ጅግንነት ዘመስከሩ ኔሮም እዮም። ኣብነት ክኾናና **ኣብርሃም ደቦጭን ሞጎስ ኣስጎዶምን** ዝተባህሉ ኤርትራዊያን ካብ መግዝእቲ ጣልያን ርሕቕና እሎም ኣብ ጎርቤት ሃገር ኢትዮጵያ ተዓቑቦሙሉ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ እቲ ፋሽሽታዊ መግዛእቲ እግሪ እግሮም ስዒቡ ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ስለዘስፋሕፈሔ በዚ ተቖጥዮም ንግራዝያኒ ዝተበህለ ፍሽሽቲ ጣልያን ናይ እዲ ቦምባ ብምድርባይ ኣብ ማእኸል ኣዲስ ኣበባ ቂያ ስርሖም እዮም። እዝኦም ክልተ ኤርትራዊያን ነቲ ቂያ ዝፈጸምዎ ብድዔ ፋሽሽቲ ጣልያን ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ኣፍርቃዊያን ንሙቁዋም ኢዩ ዝነበረ። ኣብዚ ኽፍለጥ ዘለዎ መግዛእቲ ፋሽሽትዊ ጣልያን ንምቁዋም ኣብ ዝጥዕም ቦታን ግዜን ኮንካ ቂያ ምፍጻም ማለት መንነትካ ከምዚሕከኽ ኽገብሮ ኣይክእልን ኢዩ። ከመይሲ ኢትዮጵያ ናይዞም ክለት ውልቀሰባት ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ካልኦት ኤርትራዊያን ቂያ'ውን ታሪኽ ጓዕጽጻ ኽተቕርብ ሓልና ኢያ።

ካልእ ኣብ ግዜ መግዛእታዊ ፋሽሽታዊ ጣልያን ብኤርትራዊ ጀግና ዝተፈጸመ ቂያ ካብ ዝዝከር ሓደ ጀግና ኤርትራዊ **ዘርኣይ ደረስ** ዝተባህለ ኣብ ሃገረ ጣልያን ዝፈጸሞ ስርሒት ኢዩ። እዚ ጀግና ኣብቲ ዝንብረሉ ዝነበረ ሃገረ ጣልያን ናይ ሓንቲ ኣፍርቃዊት ሃገር፣ እሞ ኽኣ ጎሮቤት ሃገር ዝኾነት ኢትዮጵያ ባንዴራኣ ኣብቲ ዝነበረሉ ቦታ ከባጭውሉን ነቲ ባንዴራ ክረጋግጽዎን ዝተቖጠዔ ጀግና ዘረኣይ ደረስ ካብ ሓደ ወተሃደር ጣልያን ጉራዴ መንዚዑ ሓደ ዓቢ ቂያ ፈጺሙ ኢዩ። ጀግና ዘርኣይ ደረስ መበቆሉ ኤርትራዊ ኮይኑ ነቲ ቂያ ዝፈጸሞ ኽኣ እቲ ጅግንነት ኤርትራዊ ኣብ ደሙ ስለዝነበረ ኢዩ። ኢትዮጵያዊያን ነቲ ታሪኽ ኣብ ክንዲ በቲ ቅኑዕ መንገዲ ዘዘንትውዎ ንሕሱር ፕሮፓጋንዳ ኽጥቀምሉ ብማለት ከም ሓደ ኢትዮጵያዊ ዝፈጸሞ ቂያ ጌሮም ከዘንትውዎ ምጽንሖም ይፍለጥ። ሕጂ ግዚኡ ኣኺሉ ክብረት ኤርትራዊያን ከም ሃገርን ሕዝብን ምስተረጋገጸ ግን እዚ ጅግንነት ኤርትራዊያን ግቡእ ቦታኡ ከምዝሕዝ ኣየማትእን።

ኣብዚ ኽፈለጥ ዘለዎ ውልቀሰባት ብተደናጋጽነት ምስ ካልእ ሕዝብታት ብምጽንባር ኣንጻራ ግፍዔኛ መግዛእቲ ኽቃለሱ ንቡር ኢዩ። ኣብነታት ንምጥቃስ **ቼጉቬራ** ምስ ኩባዊያንን ቦልቫዊያንን እንዳተቓለሰ ከሎ ኢዩ ተስዊኡ። ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ'ውን ኣብ ምምስራት ሃገረ እስራኤል ካብ ኖርወይ ምስ እስራኤላዊያን ኮይኖም ዝተቓለሱ ኖርወጃዊያን ከምዘለዉ ይፍለጥ። ብዓብዩ ከኣ ታንክታት ሕዝባዊ ግምባር ምዑታት ተጋደልቲ ኤርትራዊያን ጽዕነን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተፈጸመ ቂያ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ኢዩ። በዚ መነጽር'ዚ ክንርእዮ ኮሎና ኣሹንባይዶ ንጎረቤትን ሓውናን ኣሕታናን ዝኾኑ ኢትዮጵያዊያን ባሕሪ ማዕዶ ሰግርካ'ውን ቃልሲ ሕዝብታት ምድጋፍን ምስታፍን መንነትካ የቐይረካ ማለት ኣይኮነን። በዚ መሰረት ጅግንነት ናይ እዝኦም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱን ካልኦትን ኤርትራዊያን እቲ ታሪኾም ግቡእ ቦታኡ ክሕዝ ይግባእ።

ድሕሪ ስዕረት ጣልያን ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም እቲ ብስርቅን ሸፈጥን ረሳሕ ሽም ዘለዎ ኢንግልዝ ኢዩ ንኤርትራ ከም ሞግዝት ከመሓድራ ብሓያላን መንግስታት ናይቲ ግዜ'ቲ ዝተባረኸሉ። እዚ ዘይሓንኽ ቀጣፊ ኢንግልዝ ኣብ ክንዲ ንኤርትራ ዘልምዕን ዘማዕብልን ብኣንጻሩ ብዙሕ ንብረት ካብ ኤርትራ ብስርቂ ገበን ዘሕትቶ ወንጀል ፈጺሙ ኤርትራ ናብ ግዛኣት ኢትዮጵያ ኣረኪቡዋ ኸይዱ። ጅግንነት ኤርትራዊያን ኣብ ግዜ ኢንግልዝ ዝተመስከረ እምቢ ንምምቕቓል ማለቱ ኢዩ። እንኳዕ እዚ ሰራቒ፣ ካብ ሓንቲ ኣዚያ ድኻ ዝኾነት ሃገር ንብረት ዘሪፉ ዝኸይድ እንግሊዝ ሓሳቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣይሰመረ። እንኳዕ ኤርትራ ኣይተመቓቐለት። ከመይሲ ሕጂ ጅግንነት ኤርትራዊያን ክነውግዕ ኣይምበቓዕናን ኔርና። ኮይኑ ግን ክሳብ ክእላታት ብዝርዝር ወንጀል ኢንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመ ሰኒዶም ዘቕርቡልና ንግዚኡ ግን ከም ቴለፈሪካ፣ መንገዲ ባቡርን ካልኦት ኣዝዮም ጠቐምቲ ዝኾኑ ንብረታት ኢዩ ሰሪቑ ከይዱ። ንሐደ ሓደ ጉዱሳት ኣንበብቲ እንተድኣ እንታይ ዓይነት ንብረት ኢንግልዝ ካብ ኤርትራ ሰሪቑ ከይዱ ኽተፍልጡ ትደልዩ ኾንኩም ሓንቲ መጽሓፍ ብሓደ ኣሜርካዊ ኣማኻሪ ሃጸይ ሃይለሰላሴ ዝነበረ **ጆን ስፔንሰር** ዝተባህለ ዝተደርሰት **"ኢትዮጵያ ኣት በይ"** ትብል መጽሓፍ ደልኹም ኣንብቡዋ።

ኢንግልዝ ካብቲ ናይ ስርቂ ወንጀል ዝዓቢ ገበን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈጸሞ ግዝኣቱ ናብ ሓንቲ ድሕርትን ድኻን ዝኾነት ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ኣጠዓዕሙ ምኻዱ ኢዩ። ጅግንነት ኤርትራዊያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሳላ ውሕሉል ኣተሓሕዛ ሰነድ ሕዝባዊ ግምባርን መንግስቲ ኤርትራን ካብቲ ካልእ ጅግንነት ኤርትራዊያን ብዝግባእ ተሰኒዱ ኣሎ ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ጅግንነት ኤርትራዊያን ንዓለም'ውን ዘደንቕ ኢዩ። ጸጥታዊ ባይቶ ሕብራት ሃገራት ሸበደበድ ዘበለ ጅግንነት ኣብ ኤርትራ ከምዘሎ ጋህዲ እንዳኾነ መጺኡ ኣሎ። ደጊምስ ንእሽቶይን ድኻን ሃገር ዝብል መጸዊዒ ኣብቂዑ ኢዩ። ጅግንነት ኤርትራዊያን ወይ ረድዮም ዝቐበልዎ ክቕበልዎ እዮም ወይከኣ ዘይወሓጠሎም እንተሎ ዕቃቤዶ እገዳዶ እንዳበሉ ንግዚኡ ምዕልባጦም ኣይክተርፍን ኢዩ።

ተጻሒፉ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ